# LIDA Stories

lidastories.net

## ንሓቀኛ ምኽንያት ደው ምባል

✎ LIDA Portugal
Sunniva Høiby-Øiset
Seyum

This work is licensed under a Creative Commons Attribution 4.0 International License.
https://creativecommons.org/licenses/by/4.0

# ንሓቀኛ ምኽንያት ደው ምባል

✎ LIDA Portugal
Sunniva Høiby-Øiset
Seyum
4
ትግርኛ ti

ኤድሰን ኣብ ኣንጎላ እዩ ተወሊዱ፤ እታ ሃገር ናጻ ምስ ወጸት። ኣዝዩ ነዊሕ ወዲ እዩ ነይሩ። ብሰንኪ ቁመቱ ፍሉይ ኮይኑ ይርአ ነይሩ። እቶም ኣብ ኵናት ሓድሕድ ከም ወተሃደራት ኮይኖም ንኽዋግኡ ንህጻናት ኣጽዋር ዘትሕዙ ዝነበሩ ሰባት ከም ኤድሰን ዝኣመሰሉ ኣወዳት እዮም ዝደልዩ ነይሮም።



ሕጂ ስለ ዝዓበየ፣ ኤድሰን ስደተኛታት ህጻናትን ካልኦት ካብ ሕብረተሰብ ናይ ምግላል ሓደጋ ዘለዎምን የሰልጥን። ሓደ እዋን ቁመቱ ኣብ ወተሃደር ናይ ምኺን ሓደጋ ኣእተዎ ኔሩ’ዩ። ሕጂ ግን ቁመቱ ንኻልኦት ውሕስነት ክስምዖም ንምሕጋዝ ጥንካረ ኮይኑዎ ኣሎ።

ሓደ መዓልቲ ሓደ መምህሩ ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት ክሳብ ክንደይ ንፉዕ ምኳኑ ኣስተብሃለ። ኣብ ጋንታ ኩዕሶ ሰኪዔት ተጸንቢሩ ኣዝዩ ዕዉት ነበረ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ተፈላጢ ኮነ። ኣዕሩኽ እውን ፈጠሩ። ዝያዳ ዓርሰ እምነት እውን ገበረ።



ኣዲኡ ከይወስድዎ ስለ ዝፈርሐት ምስ ኣብ ፖርቱጋል ትነብር ሓትንኡ ንኽነብር ክትሰዶ ወሰነት። ኣብ ፖርቱጋል ብሰላም ክነብር ይኽእል እዩ ኢላ ሓሰበት።

ኤድሰን ነቲ ውዑይ ኩነታት ኣየር፣ ባህላዊ ምግቢ ልዕሊ ኹሉ ድማ ሕቁፍን ምስዓምን ናይ ኣዲኡ ስለ ዝናፈቀ ኣብ መጀመርታ ኣዝዩ ከቢድዎ ነይሩ።



ቋንቋ ፖርቱጋል ጽቡቕ ጌሩ ምዝራብ ስለ ዘይኽእል ዝነበረ ትምህርቱ ንምክትታልን ምስ መማህርቱ ንምጽዋትን ኣዝዩ ይጽገም ነበረ። ናብ ፖርቱጋል ምምጸአይ ግን ጽቡቕ ሓሳብ ድዩ ኔሩ ኢሉ ይሓስብ።